**ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ**
**ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ**
**(መበል 13 ክፋል)**



ታሪኽ ግፍዕታት ገዛእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቍጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቍ ዝበለ ንኣንበብታ ተቕርብ። ክሳብ 9ይ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናድአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ጽሑፉ ኣስፊሩቶ ዘላ እዩ። ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቅዐን። እዚ ነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ ከኣ፡ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ መጽሓፍ "መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር" ዝተወስደ፡ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ዝገልጽ እዩ።

መበል 34 ዓመት ቁ.137 7 ለካቲት 2025 - ገጽ 4 ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ኢትዮጵያ ኣብ

ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ገለ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ናይቲ ወያነ ብኣሽቀልቲ ዝተዋህቦ ወራር፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ቁጠባን ትሕተቕርጺን ኣዕኒኻ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸበባን ጥሜትን ኣወዲቕካ ሞራሉ ብምስባርን ብምርዓድን፡ ሓንቲ ብወኪል ወያነ እትመሓደር፡ ትርጉም ህላወ ዘይብላ ኤርትራ ክዉን ምግባር ምዃኑ፡ በዚ ድማ፡ ወያነ ኲናት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ምርዓድን ምንብርካኽን ንብረቱ ኣዕኒኻን ዘሚትካን ምድካዩን ምምሳኑን፡ ካብ መነባብሮኡ ብዝተፈናቐለ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ቁጠባዊ ጸቕጢ ምፍጣር ብምንባሩ ንሰላማዊ ህዝቢ ከም ኣካል ናይቲ ኲናት ከምዝጠመቶ ርኢና። ግዳያት ናይዚ እኩይ ዕላማ ዝኾኑ ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን ድሕሪ ባይታኦም እንታይ ከምዝመስል ብምግላጽ ድማ ኣረሜንነት ናይቲ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፈጸሞ ተግባር ክሳብ ክንደይ እኩይ ምዃኑ ኣንቢብና።

መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ ድሕሪ ናጽነት፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ወጻኢ ሃገራት ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ምስቲ ብስደት ክቕመጥዎ ዝጸንሑ ሃገር ዘለዎም ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ድርብ ዜግነት ክሕዙ ምፍቃዱ ዝፍለጥ እዩ። እንተኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብታ ሃገር ድርብ ዜግነት ምሓዝ ከምዘይፍቀድ ብምግላጽ፡ ኣብ 1993 ማለት ደድሕሪ ረፈረንዱም፡ ኤርትራውያን ሓዲኡ (ኢትዮጵያዊ ወይ ኤርትራዊ ዜግነት) ክመርጹ እዩ ኣገዲድዎም። በዚ ድማ፡ እቶም ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተቐመጡን ዝሰረቱን ንብረት ዘጥረዩን ዜጋታት፡ ናይ ኢትዮጵያ ዜግነት ክመርጹ ባህርያዊ እዩ ነይሩ። መጽናዕቲ "ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ" ከምዘመልከቶ፡ ካብቶም ወያነ ዘባረሮም ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ እቶም 83.3% እቲ ንኢትዮጵያውያን ዝወሃብ መንነት ወረቐት ዝነበሮም እዮም። ነቶም 5.6% ትሕቲ ዕድመ ብምዃኖም ወረቐት መንነት ዘይነበሮም ገዲፍካ ድማ፡ 9.5% ጥራይ እዮም፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ኢትዮጵያ ብምእታዎም ኢትዮጵያዊ መንነት ወረቐት ዘይነበሮም። ምስጓግ ናይዞም ብሕጊ ኢትዮጵያዊ መንነት ዝተዋህቦም ሰባት እምበኣር ብቐንዱ፡ ነቲ "ዝኾነ ዜጋ ብዘይ ፍቓዱ ኢትዮጵያዊ መንነቱ ክሕከኽ ኣይክእልን" ዝብል ዓንቀጽ 33 ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝጥሓሰ ቅሉዕ ዓመጽ እዩ ነይሩ።

ጃምላዊ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ርኡይ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ብምንባሩ፡ ዋላ እኳ ከምቲ ዝድለ እንተዘይነበረ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ነቒፍዎ እዩ። ካብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ፡ ሓያሎ ሃገራት ብውልቒን ተጣቢቕቲ ሰብኣዊ መሰል ትካላትን ወቐሳኦምን ስክፍታኦምን ገሊጾም እዮም። በቲ ሽዑ ዝመጽእ ዝነበረ ተቓውሞታት ዝነደረ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ፡ ብ9 ሓምለ 1998 ምስ ጋዜጠኛታት ውሽጢ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መጠይቕ፡ ሃገሩ ዝኾነ ወጻእተኛ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክትሰጉግ ምሉእ መሰል ከምዘለዋ ጠቒሱ፡ ከምዚ ዝብል ወትሩ ዘይርሳዕ ናይ ብድዐ ቃላት ከምእተዛረበ ይዝከር፦ “ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብር ዝኾነ ወጻእተኛ፡ ኤርትራዊ ይኹን ጃፓናዊ ወዘተ. ብሰናይ ፍቓድ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ ዝነብር። መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕብሪ ዓይንኻ ኣይተፈተወናን ውጻእ እንተኢልዎ፡ ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ነቲ ትእዛዝ ከኽብሮ ጥራይ’ዩ ዘለዎ።”

መንግስቲ ኤርትራ ከም ግብረ-መልሲ ናይቲ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ ዝወሰዶ ሰፊሕ ናይ ምእሳርን ምስጓግን ስጉምቲታት፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ነበርቲ ኤርትራ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ብ26 ሰነ 1998 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ብኣንጻር’ቲ ስርዓት ወያነ ዝተኸተሎ ጸረ-ሰብኣውነት ፖሊሲ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ዝኾነ ናይ ተጻብኦ ስጉምቲ ከምዘይወስድ፡ ኢትዮጵያውያን ኣብ ኤርትራ፡ ብሰላም ናይ ምንባር፡ ምስራሕን ምንጋድን፡ ትካላት ናይ ምክያድን መሰሎም ሕልው ምዃኑ፡ እዚ መሰል’ዚ ብዝኾነ ኣገባብ ወይ ኣካል ምስ ዝጠሓስ ከኣ፡ ጥርዓን ከቕርቡ መሰል ከምዘለዎም፡ እዚ ፖሊሲ’ዚ እቲ ግጭት ዝያዳ እንተዓረገ እውን ፍጹም ከምዘይቅየር ዘፍለጠ ወግዓዊ መግለጺ’ዩ ኣውጺኡ። ከም ኣካል ናይዚ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ’ዚ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኲናት ዝተማረኹ ወተሃደራት ወያነ ከይተረፈ ብሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ርእሲ ምክንኻን፡ ብ28 ነሓሰ 1998 ከም መርኣያ ሰናይ ድሌቱን ንሰላም ዘለዎ ቅሩብነትን፡ ነቶም ኣብ ፈለማ መዓልታት ቀዳማይ ፍሹል ወራር ዝተማረኹ 71 ምሩኻት ወተሃደራት ወያነ ብናጻ ለቒቑ ናብ ዓዶም ምፍናዉ፡ ኲናት ተቐሪጹ እቲ ጉዳይ ብሰላማዊን ሕጋዊን መገዲ ክፍታሕ ንዝነበሮ ድሌትን እምነትን ዘጉልሐ እዩ ነይሩ። ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ዘሰደምም ናይ ጭካነን ኢሰብኣውነትን

ዛንታታት ዝሓዀፈ እዩ። ሓደ ካብ ዕላማታት ናይቲ ምስጓግ፡ ህዝቢ ምርዓድ፡ ምጭናቕን ብስቓዩ ምሕጓስን ምንባሩ ዘጉልሕ፡ እቲ ደይ-መደይ ኢልካ ዝፍጸም ዝነበረ ስድራቤታት ናይ ምብትታንን ብዝተፈላለየ ኣገባባት ሰባት ናይ ምስቓይን ተግባር እዩ። ንሰብኣይ ምስ ደቁ ገዲፍካ ሰበይቲ ንበይና ምብራር ወይ ብኣንጻሩ፡ ሰብኣይን ሰበይቲን ስጕግካ ቆልዑ በይኖም ምግዳፍ ዕላማኡ ብስቓይ ሰባት ምሕጓስ እምበር ብኻልእ ክትርጎም ኣይክእልን። ኣብቲ ቀዳማይ ዓመት ማለት ኣብ 1998 ካብ ዝተሰጉ ልዕሊ 40,000 ዜጋታት እቶም 5000፡ ብዘይ ናባዪ ህጻናት ደቆም ምስ ጎረባብቲ ወይ ሰራሕተኛ ገዛ ገዲፎሞም ዝተባረሩ ምዃኖም መጽናዕቲ ዜጋታት ኤርትራ ንሰላም ይሕብር። ጸብጻብ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ከምዝሕብሮ ድማ፡ ካብ መንጎ እዞም ዝተሰጐጉ፡ 2,600 ደይ-መደይ ኢልካ ካብ ወለዶም ፈሊኻ ዝተሰጐጉ ህጻናት ነበርዎም።

ሓራስ ካብ ናጽላኣ ፈሊኻ ምብራር፡ ሕማም ሕርሲ ዝተታሕዛ ነፍሰጾራት ምስቶም ካልኦት ሓዊስካ ምብራር (ኣብ መገዲ ዝሓርሳ ብዙሓት ነይረን እየን)፡ ናጽላታት ምስ ኣደታቶም ከምኡ'ውን ደቂ 8090 ዓመት ኣረጋውያን ኣብ መቕነዪ መደበራት ዳጕንካ መግቢን መድሃኒትን ከይኣትዎም ምኽልካል፡ ኣብ ሕክምና ዝደቀሱ ውጹዓት እንተላይ ሓድሽ መጥባሕቲ ዝገበሩ ካብ ዓራቶም ወሲድካ ምስቶም ዝስጎጉ ምጽንባር፡ ናይ ኣእምሮ ሕሙማትን ኣብ መገዲ ዝተረኽቡ ቆልዑን ከይተረፈ ኩነታቶም ከየጻረኻ ምብራር፡ ንገለ ካብቶም ዶብ ዝሰግሩ ዝነበሩ ብፈንጂ ዘለዎ ከባቢታት ከምዝሓልፉ ምግባር፡ ተመራሪሖም ዶብ ኣብ ዝሰግሩሉ ግዜ፡ ብድሕሪት ተዅሲ ከፊትካ ምጭናቕ፡ እቲ ግፍዒ ዝርዝራቱ ብዙሕ እዩ። ንብረትን ገንዘብን ኤርትራውያን ንምግባት፡ 'ካብ ምስጓግ ከነድሕነኩም ኢና' እናበልካ ብላዕ ወሲድካ ከተብቅዕ ምብራር፡ (ገለ ኤርትራውያን ንብረቶም ንምውጋን ብምሕሳብ ካብ 50,000 ክሳብ 100,000 ብር ብላዕ ንካድረታት ወያነ ከምዝሃቡ መጽናዕቲ ዜጋታት ኤርትራ ንሰላም የረጋግጽ)፡ ንብረትኩም ብሕሱር ዋጋ ክንገዝኣልኩም እናበልካ ምብስጫው (ሓንቲ ሰበይቲ፡ ዋጋ ኣሽሓት ቴለቪዥን ብ400 ብር ክንገዝኣልኪ ኢና ምስ በልዋ፡ ኣብ ቅድሚ ካድረታት ወያነ ኣብ መሬት ደርቢያ ከምዝሓምሸሸታ ትገልጽ) ወዘተ. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ውልቀሰብ ዝተፈጸመ በደልን ግፍዕን ጸዊኻ ዝውዳእ ኣይኮነን።

እዚ፡ ኣብቲ ብዙሕ ተዓዛቢ ዘለዎ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዝፍጸም ዝነበረ ኮይኑ፡ ኣብቲ መስካሪ ዘይብሉ ርሑቕ ገጠራት ዝፍጸም ዝነበረ ዝምታን ግፍዒታትን ከኣ ዝገደደ እዩ። ካብ ኢትዮጵያ ካብ ዝተሰጎጉ ኣስታት 75,000 ዜጋታት እቶም ልዕሊ 20,000 ካብ ገጠራት ትግራይ ብፍላይ ድማ ካብ ወረዳታት ምዕራብ ትግራይ ዝተሰጎጉ እዮም። እዚ ከባቢታት'ዚ፡ ልክዕ ከም ምዕራባዊ ኤርትራ፡ ንጉስነትን ማሕረስን ካብ ከበሳታት ኤርትራ ዝተንቀሳቐሱ ኤርትራውያን፡ ደምበታትን ዓድታትን መስሪቶም ንነዊሕ ዓመታት ዝተቐመጥዎ እዩ። ኣብ ወረዳ ኣድያቦ ንኣብነት፡ ኤርትራውያን ብብዝሒ ዝቕመጡወን ዓሰርተታት ዓድታት ነበራ። ስርዓት ወያነ ነዞም ብሕርሻ መነባብሮኦም ዝመርሑ ኣሽሓት ስድራቤታት፡ ካብ መረበቶም በንቀጥታ፡ ኣባይቶም፡ ጥሪቶምን ንብረቶምን መንዚዑ፡ ታቦትን ንብረትን ናይ ልዕሊ 50 ዝኾና፡ ብኤርትራውያን መራሕቲ ሃይማኖት ዝካየዳ ኣብያተ ክርስትያን ከይተረፈ ከምዝሃገረ መጽናዕቲ ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ (The Uprooted — Part III ) ብምግላጽ፡ እቲ ኣብ ኣድያቦ ኣብ ልዕሊ ሓረስቶት ስድራቤታት ዝተፈጸመ ጃምላዊ ምብራር፡ ዓሌት ናይ ምጽጻይ መልክዕ ዝነበሮ ኣዝዩ ኣስካሕካሒ ተግባር ምንባሩ የረድእ።